# ጅግና ኣይነብርን ስም ድማ ኣይቕበርን

ከመይ-ከመይ ኢልካ ውዒልካ
ከመይ-ከመይ ኢልካ ሓዲርካ

ወደይ ምሕረት የውርደልካ
ሙሉእ ዓለም ዘመሓከመካ

ናይ እማን ድዩ ስረ ተቐቢራ
ናማን ድዩ እስክርቢቶ ተደርቢያ

ለይስሕት እንድሕር ጠሚቱ
ለይለቅቕ እንድሕር ሰቢቱ
በሉ እምበር መለስ ሓሚሙ
ኣይትበሉ ሞይቱ ተቐቢሩ

ዓቓብ ኢሎሙኻ ዝተረረ
ኃዊ ኢሎሙኻ ዝኻሃረ
መሪር ኢሎሙኻ ከምበርበረ
ፀላእቱ ይነክስ ከምኣረ

እዙይ ኣቦ ጭቁን ኣቦ ድኻ
ገዛ ሰሪሑ ዝህብ መንበርኻ
ሕምባሻ ዘብልዕ ከምኖኻ

ዝባን ሕድሪ ዝባን ስዋኣት
ትሕቲ ምድሪ ኣይትእቶ ስርዓት

መለስ ኣቦ ልምዓት ኣቦ ሰላም
ኣለኹ-ባ በለና ክንዋፈር ብትብዓት
ኣለኹ-ባ በለና ክንዋፈር ብትብዓት

ዕላማ መለስ ተዓጢቕና
ክንቃለስ ኢና ንልምዓትና

* * * *

እነ- ኢታይ ኣወጣሽ ሓጎስ
ኣደ ስዋኣት ተጋደልቲ
ምብራቓዊ ዞባ
ዓዲግራት ቁሸት ጭቓሉ
ዕድመ 94

ነሓሰ 2004 ዓ.ም.

